# ንብዓት ሓርገጽ ክደርቐ !




ንብዓት ሓርገጽ ክሕሰሱ
ዝሓድሩ ከይደቀሱ
ኩምራ ሓሶት ዝትኩሱ
ንዝተነድቀ ከፍርሱ ፡

ውዕለቶም ዝሸነን ቍንጣሮ
ክብ እንተበሉ ዝምወሉ ትኳቦ
ናጽነት ትሓሲሞም ንመግዛእቲ ልማኖ
እንታይ ድኣ ክንጽበ ካብ ዕዋኖ ዝዋኖ ፡

ኩሉ ድኣ ይፍጠር
ኣብዛ ዓለምና ክነብር
ገለን ምዓር ይብርበር
ገለን ብሚዶ ኣጋንንቲ ይስተር ፡

ክትሕሰስ ንብዓት ሓርገዝ
ዋጋ ኣለዎ ዘሕንኽ ዝኸፈል
መንነትካ ሼጥካ ህልም ናብ ገደል
ዓስቢ ውዕለትካ ንግሃነበ-ሽኦል ፡

ብዓል ኮምበለለ ብዓል መሃንዘል
ስብእ'ኮ ኣለዋ እዛ ሓላል ሃገር
ኣብ ዝኾነ እዋን ፈጺሙ ዘይደናገር
ብብደሆ ተሳሒሉ ንብደሆ ዝግተር ፡

ሕተት ነቲ ገረብ ከምኡውን ነቲ ምድሪ
ኣጣይቕ ነቲ ኀቦ ከምኡውን ነቲ ደብሪ
ነሰማይ ኣንቃዕርር ኣቋምት ነቲ ባሕሪ ፡

ዝተኸፍለ ጅግንነት ርእሰ መስዋእትነት
ተሰይሩ መቑሕ መግዛእታዊ ባርነት
ህዝቢ ክነብር ብሰላም ብናጽነት
ፍስሃ ክሰንቕ ብፍቕሪ ብሓድነት ፡

ብዓል መሃንዘል በዲዶ
ምኽርኹም ናይ ኣጋንቲ ባይቶ
ሕብርኹም ዝቀያየር ከም ነፋሒቶ
እኩብ ትፍንጥሑ ከም ዘራጊቶ ፡

ንኹሉ ግን ኣለዎ ሕሳቡ
ኣበይ ከይትነፍሩ
ደይ ኣብ መሬት ኢኹም ክትዓልቡ ፡

ኤርትራ ንዘልኣለም ተኸቢራ ትንበር
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ ፡

መድሃኔ ተስፋኣለም